# ፅንሰታ ለማርያም 2023

**ንባባት**፡ኤፌ 1፡3-12፥ ዘፍጥ 3፡9-15፥ ግ.ሓ. 1፡12-15፥ ሉቃ 1፡26-38



**ስብከት**፡መሰሠረታቲሃ ውስተ አድባር ቅዱሳን፥ ያበድሮን እግዚአብሔር ለአናቅጸ ጽዮን፥ እምኵሉ ተዓይኒሁ ለያዕቆብ። መዝ 87፡1-2

**አብ ዋዜማ ናይ ጽንሰታ ለማርያም** ለልየ በእዴየ ለሐኩዋ ለድንግል እንተ እምኔሃ ተሰባእኩ ይቤ እግዚአብሔር መንበሩ ዘኪሩቤል ዘኢዮር ማኀድሩ ዘኢይትነገር ቃል ኀደረ ላዕሌሃ። መንበሩ አብ ኪሩቤል ማኅደሩ አብ ኢዮር ዝኾነ እግዚአብሔር ባዕለይ ብኢደይ ንድንግል ፈጠርክዋ፤ ክንገር ዘይክአል ቃል አብአ ሓደረ፤ እናበለ ሕርየት ማርያም ካብ መጀመርያ ብእግዚአብሔር ከም ዝኾነንን ኩሉ ናታ ዘበለ ምስቲ ዝወለደቶ ክርስቶስ ተተሓሒዙ ከምዝኸይድ ይነግረና። ኩሉ እምነትና አብ ማርያም ካብ ክርስቶስ ፈሊና ክንርእዮ አይክአልን እዩ፥ ኩሉ ናታ ዘበለ ምስ ወዳ ዝተተሓሓዘ እዩ።

አብ እምነትና አርባዕተ አዕማድ እምነት ብዛዕባ ማርያም አለዉና፡

1. ማርያም አደ አምላኽ እያ። አብ ጉባኤ ኤፌሱስ ብ431 አበው ማርያም አደ አምላኽ ኢሎም ወሲኖም።
2. ማርያም ብዘይ ኃጢአት አዳም ተጸኒሳ። ፕዮስ ፱ ብ1854 ንኹሎም አቡናትን ጉባኤ ጳጳሳትን ሲኖዶሳትን ድሕሪ ምሕታት ድንግል ብሕልንአ ድንግል ብሥግአ ኢሎም አዊጆም።
3. ማርያም ቅድምን ድሕርን ንክርስቶስ ምውላዳ ድንግል እያ።፭ይ ጉባኤ ኮንስታንቲኖፕል ብ553 አዊጁ።
4. ማርያም ብሥግአን ብነፍሳን ንሰማይ ፈሊሳ። ፕዮስ XII ብ1950 አዊጆሞ።

ብዓለ ጽንሰታ ለማርያም ብናይ ሃገርና ስርዓት አብ 13 ታሕሣሥን አብ 7 ነሓሰን ይዝከር፥ ማርያም ኃጢአት አይለኸፋን ካልኦት ኩልና አብ ኃጢአት ተወሊድና። ናይ ማርያም ብዘይ ኃጢአት ምጽናሳ ከም ዓምዲ እምነት አብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ታሕሣሥ 8 1854 ብፕዮስ 9ይ አብ ሮማ ብዕሊ እምነት ቤተክርስትያን ምኳኑ ተአዊጁ። ካብ ፈለማ እዋን ጽንሰታ ጀሚራ ፍሉይ ብዝኾነ ጸጋን ናይ ከሃሌኩሉ አምላኽ ጉንዖን ብናይ ኢየሱስ ክርስቶስ መድኅን ዓሌት ሰብ ትሩፋትን ብፅዕት ድንግል ማርያም ካብ ዝኾነ ርስሓት ኃጢአት ናጻ ኮይና ተዓቂባ እያ ፕዮስ ፱ይ Ineffabilis Deus (1854). እዚ ዓምዲ እምነት ዝእውጅ ማርያም ብጸጋ አምላኽ ካብቲ መጀመርያ ካልኢት ጽንሰታ ካብ ኩሉ ኃጢአት አዳም ነጻ ኮይና ከም ዝተወልደት ይነግረና። ማርያም ከም ኩሉ ሰብ ብሥጋዊ ርክብ አቦአን አዲአን (ሃናን እያቄምን) እያ ተወሊዳ፥ እንተ ኾነ እግዚአብሔር ብፍሉይ ክእለቱ ካብ ኩሉ ኃጢአት ነጻ ገርዋ። (ሓ/ት/ክ/ 491)። ካልኦት ኩልና አብታ ዝተጸነስናላ ደቒቕ ብኃጢአት አቦና አዳምን ሔዋንን ንልከፍ። እዚ ኃጢአት ብጥምቀት ነጥፍአ። ማርያም ግን ካብ መጀመርያ ተፈጥሮአ ብዘይ ዝኾነ ሰብአዊ ድኽመት ኃጢአት እያ መጺኣ። አብዚ ዓለም ከምቲ አዳምን ሔዋንን ቅድሚ አብ ኃጢአት ምውዳቐም ዝነበርዎ ሕይወት እያ ተፈጢራ። እዚ ኹሉ አምላኽ ዝገበረላ ዓስቢ ናይ ዝኾነ ዝገበረቶ ሰናይ ግብሪ አይኮነን፥ ወይ እውን ባዕላ ብዝገበረቶ ዝረኸበቶ አይኮነን እዚ ኹሉ ብመንጽር እቲ አደ አምላኽ ክትከውን ተራእዩ

አምላኽ ዝገበረላ እዩ። እምብአር እዚ ጽንሰታ ለማርያም እንብሎ ዘሎና ማርያም መን ምዃና ይገልጸልና። ከምኡ እግዚአብሔር መን ምዃኑን ንሕና አብቲ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሩ እንታይ ክንከውን ከምእንኽእል ክነግረና ይክእል።

አብዚ ምስ ካልኦት ምስራቓውያን አብያተ ክርስትያናት ንፈላለ ማለት ምስራቓውያን ማርያም አብ ማሕፀን አዲአ ክትጽነስ እንከላ ምስ ኃጢአት እያ ተጸኒሳ ድሕሪ ምጽናሳ ግን ብጸጋ አምላኽ ድሒና ይብሉ። ንሕና ካቶሊካውያን ማርያም አደ ክርስቶስ ስለ ዝኾነት ዝኾነ ኃጢአት ክትንክፋ አይክእልን እዩ ምኽንያቱ ብመንጽር ክርስቶስ ተራእዩ። ከምኡ እቲ መልአኽ ከበስራ እንከሎ "ጸጋ ዝመልአኪ፥ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ" ክብላ እንከሎ ነቲ አብአ ዘሎ ጸጋ አምላኽ እዩ ዝሕብር ስለዚ ማርያም ካብ መጀመርያ ብዘይ ኃጢአት ተፀኒሳ ንብል።

ማርያም ነቲ ኩሉ ካብአ ዝድለ ክትፍጽም ምልእተ ጸጋ ክትከውን ግድን እዩ ነሩ ምኽንያቱ አብ ከርሳ ዝሓድር ካልአይ አካል ቅድስት ስላሴ ስለ ዝኾነ ማኅደር አምላኽ ክትከውን ካብ ኩሉ ኃጢአት ነጻ ክትከውን አልአ።

አብ ወንጌል ሉቃስ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ ክብላ መልአኽ ንሰምዕ። ኩሉ እምነትናን አኽብሮናን አብዚ እዩ ዝምስረት። እዚ ብስራት ገብርኤል መልአኽ ብዛዕባ ማርያምን ብዛዕባ እትጻወቶ ተራ አብ መደብ ድሕነትን እዩ ዝነግረና። እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ ክብላ እንከሎ ሕይወት ማርያም አምላኽ ምስአ ዘይነበረሉ እዋን የለን፥ ኩሉ ጊዜ ጸግኡ ምስ ዓደላ ንሳ ከአ ነቲ ዝዓደላ ጸጋ ትቕበል።
ማርያም ቀዳመይቲ ካብ ኩሎም ቅዱሳንን አደ ቤተ ክርስትያንን እያ። ሓዲስ ትምህርቲ ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን ነዚ ክገልጸልና እንከሎ ማርያም ካብ ፈለማ እዋን ጽንሰታ አትሒዛ ዝተሸለመቶ ነፀብራቕ ፍሉይ ቅድስና ብምልኡ ካብ ክርስቶስ ዚመጽእ እዩ። ንሳ ብዝለዓለ አገባብ ብናይ ወዳ ትሩፋት ዝደኅነት እያ፥ እግዚአብሔር አቦ ድማ ካብ ካልእ ፍጡር ሰብ አዝዩ ብዝበለጸ ብኽርስቶስ አብ ሰማያት ባረኻ አብ ቅድሚኡ ብፍቕሪ ቅድስትን መንቅብ ዘይብላን ምእንቲ ኽትከውን ብኽርስቶስ ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ ንአአ ሓረይዋ (ሓ/ት/ክ/ 492) ይብል።

ሎሚ እምብአር ፍሉይ እንታይነት ማርያም ዘኪርና አሎና ብዘይ ናይ አቦና አዳም ኃጢአት ተጸኒሳ ዝብል። እዚ ዓምዲ እምነት ክንርድኦ ከቢድ እዩ ኩልና እንሰማማዓሉ ማርያም አብ ጉዳይ ድሕነትና ምስ አምላኽ ተሓባቢራ እያ። ከምዝበልካኒ ይኹን ክትብል እንከላ እሽታአ ገሊጻ እያ። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ክብርሃልና ኢሉ ጊዜኡ ምስ በጽሐ አምላኽ ነቶም አብ ትሕቲ ስልጣን ሕጊ ዝነበሩ ምእንቲ ከድኅን ንሕና እውን ናይ ውሉድነት ሥልጣን ምእንቲ ኽንረክብ ነቲ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ አብ ትሕቲ ሕጊውን ዝኃደረ ወዱ ለአኸ (ገላ 4፡4-5) ይብል። ምሉእ ድላያ ብምግላጻን ነቲ አምላኽ ዝሓተታ ክትእዘዝ ፍቓደኛ ምዃን ምስ ገለጸት ነቲ አዳምን ሔዋንን ብዘይ ምእዛዞም ዝፈጸምዎ አፍሪሳቶ። ንሳ አብ ሕይወታ እንታይ ከምዘድላያ አይ ኮነትን ሓቲታ ነቲ አምላኽ ዝመደበላ እያ ተቐቢላ።
እዚ ናይ ማርያም እሽታ ንድለት አምላኽ ንኹልና ክንርድኦ ከቢድ እዩ አብ ዝተፈላለየ እዋን አምላኽ ድላዩ ክንገብር እሽታና ይሓትት እዩ እንህቦ መልሲ ግን ንድላይ አምላኽ ዝነጽግ ይኸውን። ፍቃድካ ይኹን ብቓል ክንብሎ ቀሊል እዩ ክንገብሮ ክንፍጽሞ ግን ከቢድ እዩ።

ቀ. ዮውሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ ብ8 ታሕሣሥ 2003 አብዚ ብዓል ከምዚ እናበሉ ጸልዮም፥ ኦንግስተ ሰላም ለምንልና. . . ንናይ ጓህን ስክፍታን ጸልማት ናይ ጽልእን ሕነ ምፍዳይን መንፈስ ቀይርልና። አእምሮና ልባትናን ንእምነትን ንሕድገትን ክፈትልና።ንሕና አብ ሕይወትና ነዘን ቃላት እናደገምና እንተ ነበርና ምሉኣት ጸጋ አምላኽ ክንከውን ንኽእል ኢና።

አምላኽ ካባና ዝደልዮ ነገር አልኦዶ? እወ ይደሊ ክንእዘዞ ክንሰምዖ ድላዩ ክንፍጽም ይደሊ። ንሱ ጎደሎ ኮይኑ ዘይኮነ ንአና አብቲ መደቡ ከሳትፈና ይደሊ እዩ እዚ ካብ ማርያም ንምሃሮ። ማርያም ምስተ ሓተት "ሕራይ" ኢላ ተቐቢላ። እቲ ሕራይ ዝበለቶ ቀሊል አይነበረን እንተ ኾነ ንአምላኽ ሒዛ ሕራይ ኢላ።

አብ ሕይወትና ኣምላኽ ሕራይ ክንብሎ ይደሊ እዩ። ብፍላይ ብሰንኪ ድኽመትና ወይ ናይ ከማና ዝበሉ ሰባት ድኽመት ንድላይ ኣምላኽ ከይንሓድግ ናይ ሎሚ ብዓል የዘኻኽረና።

ማርያም ሓንሳእ ጸጋ ምስ ተቐበለት ብዘይ ፈተናን ጸገምን ትነብር ነራ ማለት ኣይኮነን እኳድአ ዝኸበደ ፈተናን ጸበባ ተሕልፍ ነራ ብፍላይ ንወዳ ከዋርድዎ ክጸርፍዎ ኣብ መወዳእታ ኸአ ንሞት ፈሪዶም ክሰቕልዎ ክትርኢ እንከላ ክትቅበሎ ቀሊል ኣይነበረን። ንኹሉ ፈተናን ጸበባን እትኽእሎ ዝነበረት ኲኖ ጸበባ ዘሎ ራህዋ ኲኖ ፈተና ዘሎ ዓወት ርእያ ትኽእል ስለዝነበረት እዩ። ኣብ ቅድሚ ማርያም ቆምና ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ሕይወትና ንፈተናን ጸበባን ክንሓልፎ ክትሕግዘና ሎሚ ንለምና።

እዚ ብዓል ብፍሉይ ነተን ምሉእ ሕይወተን ብመብጻዓ ዘወፈያ/ዩ ዝያዳ ትርጉም ኣልኦ። ማርያም ኣብነት ናይ እቶም ኩሎም ብንጽሕና ዝነብሩ እያ። ኣብ እምነትና ማርያም ምሉእ ሕይወታ ኃጢኣት ዝብልዎ ኣይተንከፋን በዚ ንኹልና ብንጽሕና ክነብር ክንቃልስ ከምዘሎና ኣብ ሕይወታ ንርእዮ።

ኣብ ጽንሰታ ለማርያም ምእማን ማለት ኣብቲ ንኹሉ ዝሓሊ ኣምላኽ ምእማን እዩ። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ኣቀዲሙ ንፍሉይ ዓላማን ተልእኮን ከምዝፈጥረና ንርኢ። ኣምላኽ ቅድሚ ምፍጣርና ኣቐዲሙ ንኹሉ ዘድልየና ባህርያውን መልዕልተ ባህርያውን ጸጋታት ነቲ ንሱ ዝደልዮ ክንገብር የሰናድወልና። ኣምላኽ ቅድሚ ኣብ ከርሲ ኣደና ምጽናስና እንታይ ከምዝገብረና ኣቐዲሙ ይፈልጥ እዩ። ኣብ ኤርምያስ ኣብ ከርሚ ኣዴኻ ኽይሓነጽኩኻ ኃሬኹኻ ከይተወለድካ ኸአ ቐደስኩኻ ነሕዛብ ነብይ ኽትከውን ድማ መደብኩኽ በለኒ (ኤር 1፡5) ዝብል ነንብብ። እግዚኣብሔር ክፈጥረና እንከሎ ኣብዚ ዓለም ኣምጺኡ ዝሓድገና ባዕልና ክንምሓደር ኣይኮነን ዝሓድገና። ፍቕሪ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ።

በዚ ብሩኽ ዕለት ብዓለ ጽንሰታ ለማርያም ክንዝክር እንከሎና ናይ ባዕልና ጽንሰት ዘኪርና ፍቕርን ምሕረትን ኣምላኽ ካብታ ዝተጸነስናላ ክሳብ እዛ ስዓት ዘይተፈልየና ነምስግኖ። ቅዱስ ጳውሎስ “ካብ ካልኦት ብሉጽ ዝገበረካ መንእዩ ዘይተቐበልካዮ'ኸ እንታይ ኣሎካ፥ ዝተቐበልካ ካብ ኮንካ'ኸ ስለምንታይ ከምዘይተቐበልካ ትሕበን (1ቆሮ 4፡7) እናበለ ኩሉ ዘሎና ህያብ ኣምላኽ ምዃኑ ኣለሊና ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክነብሮ ይነግረና። ኹሉ ዘሎና ዝተወሃብናዮ እዩ፥ ኩሉ ኣባና ዝርከብ ጽቡቕ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ እዩ። ኩልና ደቂ ኣምላኽ ጸጋ ዝተዓደልና ወረስቲ ጸጋ ኣምላኽ ኢና። ማርያም ካብኩልና ዝበለጸት እያ፥ ናይ ኩልና ደቂ ኣምላኽ ኣደና እያ፥ ንሳ ብምልኣት ጸጋ ረኺባ ብምልኡ እተስተማቕር እያ።

ሎሚ ነፍስወከፍና ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ልብና ንኸፈተሉ። ደቂ ማርያም ዘብለና ደቂ ኣምላኽ ክንከውን ከሎና ጥራሕ እዩ። ማርያም ጠበቓና ገርና ንክኣልኩሉ ኣምላኽ ሰላም ፍቕሪ ምሕረት ኣውርደልና ንበሎ።

ኦማርያም ኣደና ብዘይ ኃጢኣት ኣዳም ዝተጸነስኪ ንኃጢኣት ንክፍኣት ንቂምታ ንኹሉ ንኣምላኽን ሓውናን/ሓፍትናን ዘጉሂ ነገራት ከይንገብር ካብ ወድኺ ለምንልና። ንስኺ ጠበቓና ንስኺ ኣደና ኢኺ እሞ በዚ ንኣኺ ኣብ እንዝክረሉ ዕለት ምልኣት ጸጋ ተዓዲልና ክንውዕል ንልምነኪ ኣሎና።

ብሩኽ ብዓለ ፅንሰታ ለማርያም።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።